# ኣፍ ከምልጥ ከሎ

ናይ ጠ/ሚ መለስ ፍልጠትን ክእለትን ናይ ቋንቋ ምልከትን  አንደበተ ርቱእነትን ካብ ደገፍቶም ሓሊፉ ብተቓወምቶም እውን ዘይከሓድ ስለዝኾነ ንምግላጹ ምፍታን አድላይ አይመስለኒን። ብቕጥዒ ክገልጾ ምኽኣላይ'ውን አጠራጠር እየ። እዙ ክእለት'ዚ አብ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ሥራሖም አዝዩ ዝጠቕሞምን ንተቓወምቶም ድማ ዘበሳጨወን ተስፋ ዘቑረጸን ክእለት ከምዝኾነ ግን ከይገለጽኩ ክሓልፎ አይደለን። አብ ዕድመይ ካብ ሃጸይ ኃይለሥላሴ ጀሚሩ ንብዙሓት መራሕቲ ሀገርና ናይምስማዕ ዕድል ረኺበ እየ። መራሕቲ ተቓወምቲ ሓይልታት እውን ሃሳቦም ክገልጹን ክምድሩን ሰሚዔዮም እየ፡ ነገር ግን ንኣይተ መለስ ዘርክብ ክሳብ ሎሚ ሓደኳ አይረኸብኩን

ናይዚ ጽሑፍ ዕላማ ንአይተ መለስ ንምንአድን ክእለቶም ንምድናቕን ዘይኮነስ ምስዚ ኹሉ ክእለቶምን አንደበቶምን ሓሊፉ ሓሊፉ ዘርእይዎ ናይ ቃላት ኣጠቓቕማን፡ ግድፈን ብፍላይ አብኦም በሰፊሑ ድማ አብ ውድቦም ዘብጸሖን ከብጽሖ ዝኽእልን ኣሉታዊ ጸቕጢ ንምምልካት እዩ። ተመልከቱን ተረጎምቱን ብዙሓት ስለዝኾኑ፡ ብፍላይ ድማ ኣሽማባይ ክፉት መንገዲ ረኺቦም ከይረኽቡውን ቃላት ብምስንጣቕ ዘይትረጉሙ ትርጉም ብምሃብ ህዝቢ ንዘደናግሩ ብዙሓት ተቓወምቲ ዘለዉዎ መራሒ አብ ኣጠቓቕማ ቃላት ክገብሮ ዝግባእ ጥንቃቐ ዝለዓለ ክኸውን አለዎ ዝብል እምነት እውን ስለዘለኒ እዩ።

ኣይተ መለስ አብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት ገይሮምወን ክበሃላ ዝኽእላ ስሕተታት አመራርጻ ቃላት ብቑጽሪ ብዙሓት ንኸይኮና ይኽእላ እየን፡ ነገር ግን አብቲ ቦትኦም ንዘሎ ሰብ ሓንቲውን ብዝሕቲ እያ። ካብአተን ሓደ ክልተ ንኣብነት ክጠቅስ እደሊ።

ኢሕወደግ አዲስ አበባ አብ ዝአተወሉ ቅንያት አብ ዝገበሩዎ ንግግር ይኹን ምስ ጋዜጠኛታት አብ ዝገበሩዎ ቃለ ምልልስ (ጊዜ ነዊሑ ረሲዐዮ) ንባንዲራ ብዝምለከት ዝሃቡዎ መልሲ አብቲ ጊዘ'ቲ መዘራረቢ ዝነበረ ሎሚውን፡ ብፍላይ ተቓወምቶም ብተደጋጋሚ ዘልዕልዎ ነገር እዩ።

ባንዲራ ካብ ጨርቂ ከምዝተሰርሐትን መሠረታውን ጨርቂ ምኳኑ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ባንዲራ ጨርቂ እያ ብምባልውን አይተ መለስ ናይ መጀመርታ ሰብ አይኮኑን። መብዛሕትና ገና አብ ራብዓይ/ሓምሻይ ክፍሊ ተምሃሮ ከሎና ጀሚሩ አቶ ከበደ ሚካኤል "ታሪክና ምሳሌ" አብ ዝተባህለ መጽሓፎም፡ "ሰንደቅ ዓላማችን" ብዝብል ኣርዕስቲ "……እንደ ማያትማ ሓር ጨርቅ ናት" ኢሎም ዝጸሓፉዎ ግጥሚ ክነንብብ ኢና ዓቢና። ናይ አይተ መለስ አበሃህላ ፍሉይ ዝገብሮ ምስቲ ጊዜን ናይቲ ጊዜ ሃዋህውን ሓቢሩ ዝኸይድ ዘይምኳኑ እዩ።

ኢሕወደግ ኣዲስ ኣበባ ቅድሚ ምእታዉ ኣብ ልዕሊኡ እምነት ሕዝቢ ንኸይህሉን ምጥርጣር ንምፍጣርን ደርጊ መጠነ ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ፕሮፓጋንዳ ወፈራ አካይዱሉ እዩ። ኢሕወደግ ብናይ ኢትዮጵያ ህልውና ዘይአምን ንኢትዮጵያ

ንምብትታን ዝተልዓለ “ኣስገንጣይ ደርጅት” እዩ እናተባህለ ይስበኽ ንዝነበረ ሕዝቢ ንታ ናይ ሓድነቱ ምልክት ዝኾነት ባንዴራ “ዘይ ጨርቂ እያ” ማለት ንቲ ብብዚሒ ፕሮፓጋንዳ ኣብ ኣእምሮኡ ሰሪጹ ዝነበረ ምጥርጣር ምብርታዕ እዩ ኮይኑ ዝተረኸበ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ናይ ክልላት ኣጠቓቕማ በጀት ብዝምልከት ዋና ኦዲተር ንፓርላማ ኣብዘቕረቦ ሪፖርት ርእይቶ ክህቡ ከለው “ ገንዘቦም እዩ፡ ተደልዮም የቃጽልዎ “ ኢሎም ተባሂሉ ብማዕኸናት ዜና ተቓሊሑ ኣንቢብና ኢና። እዚ ዜና ሓቂ እንተኾይኑ ኣይተ መለስ ሐዚውን ዝተጋገዩ ይመስለኒ።እቲ ናይ ኦዲት ሪፖርት ትኽክል ዘይኮነ ኮይኑ እንተተረኽበውን ኣይተ መለስ ካብዙይ ብዝተፈለየ ቋንቋ ክምልስዎ እናኽኣሉ ንምንታይ ነዚ ኣበሃህላ ከምዝመረጹ ብሩህ ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ኣዘራርባ “ናይ ይበተኹ” ይበሃል። “ናይ ይበተኹ” ኣዘራርባ ድማ ካብ ንዕቐት ወይ ድማ ተስፋ ካብ ምቑራጽ ዝፍልፍል ኣዘራርባ ስለ ዝኾነ ካብ ሓደ መራሒ ኣፍ ክወጽእ ከሎ ንፈተውቶም መሕፈሪ ንጸላእቶም ድማ “ኣይበላናኩምን’ዶ” እናበሉ መጨፈሪ እዩ ዝኸውን።

ኣብኣ ከለኹ ብታ ነኣይተ መለስ ኣኾርያቶም ዝተባህለት ሪፖርት ቁሩብ ክዛረብ። ናይቲ ሪፖርት ሙሉእ ትሕዝቶ ኣይፈልጦን። እታ ንኣይተ መለስ ኣኾርያ ዝተባህለት ግን ክልላት ንቲ ዝተመደበለን በጀት ብግቡእ ኣብ ሥራሕ ኣየውዓሎኦን ትብል ዓንቀጽ እያ። ንዝተመደበለን በጀት በግቡእ ኣብ ሥራሕ ከውዕላ ናይ ግድን ዶ’ይኮነን? ክልላት በባጀት ንዝተውሃበን ገንዘብ ብግቡኡ ከምዝተጠቐማሉ ምቁጽጻር ናይ ፌደራላዊ መንግሥቲ መሰልን ግዴታን’ዶ ኣይኮነን? ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ርእሶም ካብ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ጀሚሩ ንብረት ሕዝቢ ንምቅጻል ( ብሓዊ ይኹን ብምጥፍፋእ) መሰል ዘለዎ ሰብ ዶ ኣሎ እዩ? እዚ ናይ ቁጽጽር ሥልጣን እንድሕር ዘይሊኡዎ ደኣ ኣብ ምንታይ ተደሪኹ እዩ ፌደራላዊ መንግስቲ ንኣቶ ቢተው በላይን ንኣቶ ኣባተ ኪሾን ኣብ ፍርዲ ከቕርቦም ዝኸኣለ ?

“ያፍ ወለምታ በቅቤ ኣይታሽም” ዝብል ምስላ ኣሎ። ዘይድረዝ ግማይ ድማ ሳዕቤኑ ስለዘይፍለጥ ኣፍ ከየምልጥ ምጥንቃኸ ኣድላይ እዩ።

ሳምረታይ
8/13/06